## መእተዊ

ንሕና ነዚ ጽሑፍ እዚ ከነቅርብ ከሎና ኣብ ውሽጢ ሰልፍና ዘሎ ነገራት ንህዝብን ተጋደልትን ግሎጽ ዘይኮነ ብቐይሕ ካባ ተሸፊኑ ዝኸይድ ዘሎ ውዲታትን ተበለጽትን ንምኽሻሕ /expose/ ሰውራውን ሀገራውን ሓላፍነትና ስለ ዝደረኸና እዩ::

ከምዝተባህለ ወይ ድማ ዝተወርየ ዘይኮነ ኣብ ውሽጢ እቲ ገድሊ ሀገራዊ ጉቡእና ንምፍጻም ደምናን ርሃጽናን ከነፍስስ ፀኒሕና ኢና::

እንተኾነ ግን ነቲ ዘሎ ኩነታትን ሰልፊ ማለት ንዘሎ ጌጋታት ብጋህዲ ተቓዊምና ገሌና ብማእሰርትን መግረፍትን ድሕሪ ምስቓይ ናይ ምግዳል መሰልና ተገፊፉ ካብ ሰልፊ ብሓይሊ ዝተባረርና /ርፍትያ/ ክንከውን ከሎና ገሌና ድማ እቲ ዝምደበልናን ዝጻወደልናን ዝነበረ መጻወድያ ብምብታኽ ተመኩሮና ንህዝቢ ንምግላጽ ዝወጻእና ኣብ ሱዳንን ካልኦት ወጻኢ ሀገራትን እንርከብ ዘሎና ተጋደልቲ ኢና::
እዚ ጽሑፍ እዚ ብመሰረቱ ህዝቢ ገድሉ ዝወልዶ ዘሎ ስጉምታትን ዝበጽሖ ደረጃን ተኸታቲሉ ንዝገብሮ ጌጋታት ከእርም ከምዘለዎ ንምዝኽኻር ምኽኑ ተረዲኡ ሞራሉ ከይውደቖ ንኸመምዩ ዘሎና ተስፋ ዓቢ እዩ::

ዕላማና ድማ ንገድልና ኣብ ሀገራዊን ደሞክራስያውን ደረጃ ንምምጻእ ድኣ' ምበር ከም ብመዓር ዝተሸፈነ ዕረ ኣብ ካልእ ዝተመርኮሰ ወይ ብኻልእ ሓይሊ ዝተደፍኤ ሽቶ የብልናን::

ዋና ዕላማ ናይዚ ጽሑፍ እዚ ነቲ ብመድሓርሓርቲ ሕ.ሓ. ተዘርጊሑ ዘሎ ናይ ሓሶት መጋረጃ ቀሊዕካ እንታይነት ናይ መንካዕ ኣብሪህካ ንምግላጽ ክኸውን ከሎ ቅድሚ ሕጂ መንካዕ በዚ ሕጂ ተፈጢሩ ዘሎ ሓድሽ ኩነታት ዝወስድዎ ኣቓም /stand/ የለን::

ምናልባት ሓደሓደ ውልቀሰባት መንክዓት ኢና እናበሉ ብስም መንካዕ ዝሸቅጡ ኣውራጃውያን ምህላዎም ዘይከሓድ እዩ:: ነዚ ድማ እቲ ኣድሓርሓሪ መሪሕነት እዚኣቶም ብስም መንካዕ መሳልል ጌሮም ድልየቶምን ረብሓኦምን ንምድላብ ዝሸቅጡ ብርቱዓት ሸቀጥቲ እዮም::

ምንቅስቓስናን ጽሑፍናን መቐጸልታ ናይቲ ብ1973 ዓ.መ.ፈ. - 74 ኣብ ውሽጢ ሕ/ሓይልታት ነቲ ገድሊ ምዕራይ ዝተገብረ ጌና' ውን ዝቕጽል ዘሎን ድኣምበር ሓድሽን ካልእን ኣይኮነን:: ዕላማና' ውን ገድሊ ሕ/ሓይልታት ንምዕራይ እዩ::

## ሐጺር ታሪኻዊ ቅልውላው ሕ-ሓይልታት

እቲ ካብ 1970 ዓ.መ.ፈ. ጀሚሩ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝካየድ ዘሎ ሰልፊ ሕ-ሓይልታት ታሪኹ ከምዚ ዝስዕብ እዩ::

እዚ ሰልፊ' ዚ ኣጀማምርኡ ኣብ ክልተ ጨንፈራት ዝተኸፋፈለ እኻ እንተነበረ ንተመልካቲ ኡ እውን ክልተ ሕብሪ ከሕቑፎ ይርኤ ነበረ:: እቲ ብ 1971 ዓ.ም.ፈ. ዝጀመረ ናይ ሕድሕድ ኩናት ነዚ ክልተ ጉጅለታት እዚ ናይ ሕድሕድ ምትእስሳር ከም ዝግበር ደረኸ:: ሳዕቤኑ ከኣ ቀዳማይን ካልኣይን ሕ-ሓይልታት ተባሂሉ ነቲ ዝነበረ ናይ ሕድሕድ ኩናት ንምክልኻል ምቕርራብ ገበረ:: እዚ ምቅርራብ እዚ መሰረታውን መትከላውን ብዘይምንባሩ ኣብ ነንሓድሕድን ብዙሕ ምፍሕፋሕን ምግጫውን ኣኸቲሉ ነበረ::

ኣብ' ዚ ግዜ' ዚ ነቲ ኩነታት' ዚ ብምዕዛብ ብዘይ መጽናዕትን ፖለቲካዊ መርገጽን ዝተገብረ ምቅርራብ ሳዕቤኑ ክሳብ ክንደይ ኣስጋኢ ምኻኑ ዝርድኡ ብሱላትን ሀገራውያንን ተጋደልትን እኻ እንተነበሩ:- ጊዜን ኩነታትን ምስ ብቑዕ ፖለቲካዊ ብስለትን ንጹር መትከልን ኣብ ልዕሊ ተጋደልቱ ድሕሪ ምዝርጋሕ ጊዜኡ ብዘፍቀዶ እዋን ነዚ ሰልፊ' ዚ ምዕራይን ደሞክራስያዊ መስርዑ ምትሓዝን:- ብድሕሪ እዚ ኩሉ ምቅርራብ እምበር ካልእ መፍትሒ ክረኽቡ ብዘይ ምኽኣሎም ነቲ ብመሪሕነት ሕ-ሓይልታት ዝተወስደ ስጉምቲ በቲ ዝነበረ ኩነታት ተገዲዶም ክቕበሉዎ ተደረኹ::

ብድሕር' ዚ ዝተወሰደ ስጉምቲ /1ይን - 2ይን/ ሕ-ሓይልታት ተባሂሉ ድሕሪ ምጽናሕ ምስ' ዚ ሓይሊ' ዚ ተዓቒቡ / deffence/ ንኺጋደል ዝተበገሰ ሓደ ሓይሊ ብስም ሓ.ሓ.ኤ. /ዑበል/ ብውሕድ ዝበለ ቁጽሪ ምስ' ዚ ሓይሊ' ዚ ተፀምበረ::

እቲ ቀዳማይ ወገን ሕ-ሓይልታት ነዚ ሓይሊ' ዚ ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻሩ ንኸኣቱ ሓተቶ:: እንተኾነ ግን እዚ ሓይሊ' ዚ ነዚ ሓሳብ' ዚ ነጸጎ ከም ውድብ / organization/ መጠን ኮይኑ ንኽቕበሎ ሓሳብ ኣቕረበ:: እንተኾነ ግን እቲ ቀዳማይ ወገን ነዚ ሓሳብ' ዚ ነፀጎ:: ብድሕሪ' ዚ እውን ብሽምግልነት ናይታ ካልኣይቲ ጉጅለ ክፍታሕ ተወሰነ::

ኣብዚ ናይ ሓሳብ ዘይምስምማዕ' ዚ መንጎኛታት ካብ ካልኣይ ወገን ሕ-ሓ ብምእታዉ ነቲ ዑበል ዘቕረቦ ሓሳብ ተቐባልነት ረኺቡ ከም ሓደ ሳልሳይ ውድብ ኮይኑ ክፀንሕ ተሰማምዑ:: ኣብዚ ግዜ' ዚ ኣቀራርጻ /structure/ ናይ' ዚ ሰልፊ' ዚ ኣብ ሰለስተ ጉጅለ ተመቒሉ:-

1. ቀዳማይ ወገን ሕ-ሓ /ሻዕቢያ/
2. ካልኣይ ወገን ሕ-ሓ /ሰልፊ ናጽነት ኤርትራ/
3. ሳልሳይ ወገን ድማ ዑበል ዝብል ስም ሒዙ ክጎዓዝ ጀመረ::

ብ1972 ዓ.መ.ፈ. እዚ ሰለስተ ውድብ እዚ ኣኼባ ጌሩ ሓድሓደ ዘጋጩ ዝነበረ ሓሳባት ብምምይያጥ ኣብ መንጎኡ ሓደ ሽማግሌ /Central committee/ መሪፁ:: ህላዌ ናይቲ ሰልፊ ንምሕላው ንኽዕጠቕ ኣብ ስምምዕ በጺሖ ሽማግሌኡ መረፀ:: እዚ ስምምዕ' ዚ ብድሕሪ ሽዱሽተ ወርሒ ሰለስቲኡ ጉግለታት ሓደ ኣካል ኮይኑ /ሕብረት ጌሩ/ ከም ሓደ ውድብ ሓደ መሪሕነት መሪጹ ክካየድ ተሰማምዔ:: ኣብ' ዚ ጊዜ' ዚ እታ ማእከላዊት

ሽማግሌ ሽግራ እንዳፈትሖት ክተካይዶ ጸንሔት እዚ ዝተወሰነ ዕለት ሓሊፉ ንሓደ ዓመትን ገለ ኣዋርሕን ብምጽናሕ እቲ ሰልፊ ነቲ ዝተሓንፀፀ ሕንጻጽ ኣብ ግብሪ ከውዕሎ ኣይከኣለን:- እቲ ተወዲቡ ዝነበረ መደብ' ውን ተሰፋኡ እናቀሃመ ክኸይድ ጀመረ:: ኣብ' ዚ ጊዜ' ዚ ወታሃደራት ናይ ሰለስቲኡ ጉጅለታት ናይ ስምረት ህርፋን ስለዝነበሮም ዘቕርብዎ ዝነበሩ ሓሳብ ውሕድ ኣይኮነን::

ይኹን እምበር እዚ ሓሳባት' ዚ ብኽፍሊ መሪሕነት ናይ ሰለስቲኡ ጉጅለ ዝውሰን እምበር ብርእይቶ ናይ ወተሃደራት ዝኸይድ / ዝውሰን/ ስጉምቲ ብዘይምንባሩ እቲ ሓሳባት እቲ ተቐባልነት ንምርካብ ኣሸጋሪ ነበረ:: እዚ ኣበሃህላ' ዚ ብመሰረቱ ኣብቲ ሰልፊ ደሞክራሲ ዝብልዎ ፈጺሙ ኣይነበረን ማለት እዩ:: ርጉጽ' ዩ ብኣፍ ብዛዕባ ደሞክራሲ ዝደርፍ ዝነበረ ጭርሖ ዉሑድ ኣይነበረን ስርሑ ግን ፍረ ከምዘይብሉ ኮይኑ ተራእየ:: ኣብዚ እዋን' ዚ ዝምድና ናይ' ዚ ሰልፍታት' ዚ ብሽምዚ እናተኻየደ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰልፊ ናይ ውሽጣዊ ምምሕዳር ዘይምቅዳው ብብዝሒ ይረኤ ነበረ:: ነዚ ከም ኣብነት ክኾነና ዝኽእል ኣብ መንጎ እቲ ቀዳማይ ሕ-ሓይልታት ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዝነበረ ሰልፊ ኣብ ውሽጣዊ ምምሕዳሩ ብዘይምቅድዳው ሓደ ክፍሊ ተፈልዩ ናብቲ ዑበል ተባሂሉ ዝጽዋዕ ሓይሊ ተፀግዔ::

ከምኡ' ውን ኣብ ካልኣይ ሕ-ሓይልታት ኣባላት መሪሕነት ኣብ ነንሕድሕዶም ናይ ስልጣን ቦታ ምፍሕፋሕ ነበሮም:: እዚ ምፍሕፋሕ እዚ እናገፍሔን እናዓበየን ኣብ ዝኸደሉ እዋን ነንሕድሕዶም ንምጥቕቓዕ ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ ስልትታት ድሑር ናይ ኣውራጅነት ጥበባት ነበሮም:: እዚ ከኣ ንተጋደልቲ ብኣውራጅነት ፈላሊኻ ስልጣንካን ወገንካን ምድልዳል ዝብል ድኹም ፍልስፍና እዩ:: እዚ ውዲታት እዚ ብቐረባ ተዓዚቦም ተቓወምኦም ዘርኣዩ ዝነበሩ ንቑሓት ተጋደልቲ ድማ ቁጽሮም ዉሑድ ኣይነበረን:: እንተኾነ ግዳ እዚ ኣድሓርሓሪ መሪሕነት እዚ እዞም እዚ ነገራት' ዚ ዝቃወሙ ዝነበሩ ተጋደልቲ ናይ ኩሎም ናይ ሓባር ፀላኢ ምኻኑ ብምርዳእ ነዚ ኣብ ውሽጦም ዝነበረ ብፍሕፋሕ ኣቐሚጦም ነዚ ሓይሊ' ዚ ንምድምሳስን ንምጥቃዑን ርእይቶኡ ንኽየወፊ ብብዙሕ ናይ ምድሃል ስልትታት ደሞክራስያዊ መሰሉ ብምንጋፍ ይፀቕጥዎ ነበሩ:: ሓደ ሓደ ኣብቲ ናይ ምድሃል /demoralization / ጥበባቶም ንምጥቃስ ርእይቶኡ ንዝሃበ ተጋዳላይ /ወይ ተጋደልቲ/ ርእይቶ ንምሃብ መንነትካ ፍሉጥ ኣይኮነን መሰል የብልካን ብዝልዓለ ድማ ሰላይ C.I.A. ዝብል ናይ ምጽላም ስም እናሃብካ ርእይቶኡ ተቐባልነት ከምዘይረክብ ምግባር ነበረ::

ነዚ መድሓርሓሪ ተግባራት መሪሕነት ዝርድእን ዝቃወምን ተጋዳላይ ድማ ቁጽሪ በብመዓልቲ እናወሰኸን እናበዝሔን ይኸይድ ነበረ::

## <u>ሕብረት ቀዳማይን ካልኣይን ሕ-ሓይልታት</u>

መስከረም 8/1973 ዓ.መ.ፈ. ዝተገብረ ስምረት ሕ-ሓይልታት ከምዚ ዝስዕብ ረቒቕ ስልትታት ዘመልአ ከምኡ' ውን ነቲ ሳልሳይ ሓይሊ ሕ-ሓይልታት ማለት ዑበል ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዝነበረ ሓይሊ ከመይ ጌሩ ኣብ ኢዱ ከም ዘእትዎ ጻዕሪ ነበረ:: ብፍላይ ከኣ ኣብቲ ቀዳማይ ሕ-ሓይልታት ተባሂሉ ዝጽዋዕ /ሻዕቢያ/ ሓደ ሓይሊ ዝኸውን ናብቲ ሳልሳይ ጉጅለ /ዑበል/ ሓይሊ ስለ ዝተሓወሰ ሓይሉ ከኣ ብጣዕሚ ስለ ዘሰገኦም ብዘይ ገለ መጽናዕቲ ንሕና ንሕብረት ቁሩባት ኢና እናበለ ጩደረ:: ምኽንያቱ ከኣ ነዚ ካብ ስርዒት ቀዳማይ ጉጅለ ዝወጸ /ዝተፈልየ/ ኣብ ስርዒት ዑበል ዝተሓወሰ ሓይሊ ንኽወቕዕ ምስ እቲ ካልኣይ ጉጅለ ህዝባዊ ሓይልታት ኮይኑ ሕብረት ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን ክህሉ ኣለዎ እንዳበለ ንተጋደልቲ ከም ማይን ዘይትን ኣዋሂዱ ብዘይ መጽናዕቲ ሕብረት ኣወጀ::

ከነስተውዕለሉ ዘሎና ሓደ ውድብ ብዘይ ጌጋ ክሰርሕ ከም ዘይከኣል ከምኡ' ከኣ ብዘይ ጌጋ ምዕባሌ ከም ዘየለ ብሰውራዊ መንፈስ እንተተመልከትናዮ ዘየጠራጥር እዩ:: ግን ኣብ መንጎ መሪሕነት ሕ/ሓይልታት ዝነበረ ግርጭት ከይፈትሑ ኣብ ቀዳማይ ወገን ይኹን ካልኣይ ወገን ብምንታይ ምኽንያት ቅድም ዘይሓበሩ? ሕጂ' ኸ መሕበሪኦም እንታይ እዩ::

እምብኣርከስ ኣርቂቕና ኣስተውዒልና መሕበሪ ናይ እዞም ክልተ ክፍልታት /ሓይልታት/ ኮነ ኢሎም ነቲ ሳልሳይ ሓይሊ ብዘይ ገለ መደብ ኣብ ኢዶም ከእትዉዎ ድኣ እምበር መሰረት ዘለዎ ሕብረት ወይ ከኣ ደሞክራስያዊ ሕጊ ዝተኸተለ ሕብረት ኣይኮነን::

ነዚ ነናይ ገዛእ ርእሱ ዝሐስብ ስልጣኑ ንምድላይ ብዘይ መጽናዕቲ ዝሓበረ መሪሕነታት እቲ ዝገበሮ መልክዕ ዘይተጠርነፈ ነበረ:: ኣባላት መሪሕነት ብፍላይ መሪሕነት ካልኣይ ሕ/ሓይልታት/ ሰልፊ ናጽነት ኤርትራ 2 ነቲ ኣብ መንጎኦም ዝነበረ ምፍሕፋሕን ናይ ስልጣን ምውድዳርን ጠጠው ኣየበሎምን:: መሪሕነት ዝገበርዎ ፀይቕታትን ገበናትን በብሓደ ዘርዚርካ ንምቑጻር ኣሸጋሪ እንተኾነ ብሕጽር ዝበለ ሓደ ሓደ ከነቕርብ ሰውራዊ ሕልናና ይግድደና::

## <u>ጉጅላዊ ኣኼባ</u>

ገለ ኣባላት መሪሕነት ብፍላይ ድማ መሪሕነት ካልኣይ ወገን ውዲታዊ ስምምዕ ብምግባር ስውር ሜላታቶም ዓሰርተው ሓደ /11/ ኣባላት ዘለዉዎ ሓደ ጉጅላዊ ኣኼባ ብምጽዋዕ ንገለ ኣባላት መሪሕነት ብኣውራጃነት ብምኽሳስ ንምፍላይን ንምቕጻዕን ተበገሱ::

ኣብዚ ኣኼባ' ዚ ናይ ሓሳብና ደገፍቲ ይኾኑ እዮም ኢሎም ብጌጋ ዝመረጽዎም ንጹሃት ተጋደልቲ ብመሰረቱ እቲ ኣገባብ ናይቲ ኣኼባ ሕጋዊ ከምዘይኮነ ብቐዳምነት ብምኹናን ካልኣይ ድማ ነቲ ዝወረደ ክሲ ብመሰረታዊ ለውጢ ናይ ሰልፍና ድኣምበር ብምፍራድ ወይ ምልጋስ /ellimination / ናይ ውልቀ ሰባት ክዕሪ ኣይከኣለን እዩ ብምባል ነቲ ኣኼባ ኣብቲ ዘድልዮ ሸቶ ከይበጽሖ ጠጠው ከም ዝብል ገበሩ:: ነዞም እዚ ኣቓም

እዚ ሒዞም ዝነበሩ ንጹሃት ተጋደልቲ ግን እቲ ጉጅለ እቲ ደሞክራስያዊ መሰሎም ከይሓለወ ዘለዎ ናይ መሪሕነት ስልጣን ተኣማሚኑ ሰውራዊ ዘይኮነ ከም ምውቃዕን ምእሳር ዝኣመሰሉ ስጉምትታት ክወስድ ጀመረ:: ነቲ ተጀሚሩ ዝነበረ ኣኼባ ድማ ካብኡ ተበጊሱ ኣብቲ ዝመደቦ ክበጽሕ ከምዘይክእል ዝፈሸለ ኣኼባ ምኻኑ ብምርዳእ መሪሕነት ባዕልና ክንፈትሖ ኢና ብምባል ብዘይ ሓደ ፍረ ተደምደመ::

## ተቓውሞ ተጋደልቲ

እዚ ኩሉ ብምዕዛብ:- ተጋደልቲ መሪሕነት ካብ ሰውራዊ መስመር ከምዝወጽኤት ኣኻ ዝፈልጥዎ እንተነበሩ ብዝለዓለ ደረጃን ብዝበዝሔ ቁጽርን ክልዓል /ክንቀሳቐስ/ ተገደደ:: መሪሕነት ቀይዲ ዘይብላ ሕንጻጻት ባዕላ ወሳኒት ኣካል ብምኻን ኣንጻሩ ብዝወሃብ ርእይቶ ተጋደልቲ ብርቱዕ ተቓውሞ እንዳሃበት ከከም ድልየታ ኣተራጉማ እንዳተርጎመት ተጋደልቲ ስለ ተጥቅዕ:- ሓንቲ ካብ ተጋደልቲ ብደሞክራስያዊ መንገዲ ዝተመርጸት ንመሪሕነት እትቆጻጸር ጊዚያዊት ሽማግሌ ትቐመልና ዝብል ጽውዒት ንመሪሕነት ኣቕረቡ:: በትወሳኺ ከኣ መሪሕነት ብዝገበረቶን ትገብሮ ዘላ ጌጋታትን ትምርምር ክትከውን ከምዘለዋ ከምስርዒት ኣስመዔ::

ኣብዚ ጊዜ' ዚ መሪሕነት ነዚ ዝተባሕለ ሕቶ' ዚ ከቢድን ኣንጻር ድልየት ጥቕምን ምኻኑ ኣኻ እንተፈለጠት ወትሀደራዊ ተጽዕኖ /pressure/ ስለዝበርትዔ ክትቃወሞ ኣይከኣለትን:: እንተኾነ ግን እቲ ዝምረጽ ኣካል ከመይ ጌሩ: ካብቶም ንሳ እትኣምኖም ሓደሓደ ዘይንቑሓት ኮራኹራ ከምእትቐውም ትጽዕርን ትሓልምን ነበረት:: ነዚ ድማ ከከም መልክዑ ንሓረስታይ "ተመሃሮ ሰልፍና ክዕብልልዋ ደልዮም:- ሰለይቲ ዝተሓወስዎ ምንቅስቓስ እዩ" ከምኡ' ውን ናብ ቀዳማይ ወገን ዝነበሩ ተጋደልቲ "ኮሚኒስት" /ሸውዓን/ እዮም ብዝብል ናይ መግለጺ ስብከት ተበገሰት:: በዚ መሰረት እዚ ድማ ኣብ መንጎ ንጹሃት ተጋደልቲ ዘይምትእምማን ምፍርራህን ኣሕዲራ ነቲ ዝምረጽ ኣካል ብዘለዎ ውድታዊ ተመክሮ ከምቲ ዝመደበቶ ሓደ ኩርኩር ዝኾነ ብወገናውን ኣውራጃውን ኣመራርጻ ከምዝምረጽ ገበረት::

ነዚ ውዲት እዚ ብጭቡጥ ዝኾነ መረጋገጺ ብምክሳሕ እቲ ኣመራርጻ ግጉይ ወገናዊ ኣመራርጻ ምኻኑ ካብቶም ወኪላት ኮይኖም ኣብቲ ኣኼባ ዝነበሩ ተጋደልቲ ብግልጺ ንተጋደልቲ ኣፍለጠ:: ኣብዚ እዋን' ዚ እቲ ኣብ መንጎኡ ዘይምትእምማን ኣትዩዎ ዝጸንሔ ተጋዳላይ ኣብ ክልተ ተመቐለ:: ገለ ነቲ ውዲት ዘይተረድኡ ነቲ ኣመራርጻ ክድግፍ ከሎ ገለ ድማ ነቲ ኣመራርጻ ኮነኖ::

## ስጉምትታት መሪሕነት

ነዚ ኣብ መንጎ ተጋደልቲ ተረኺቡ ዘሎ ምምቕቓል መሪህነት ደሞክራስያዊ ፍታሕኻ ክትረኽበሉ ይግባእ እንተነበረ ብመሰረቱ እቲ ምንቅስቓስ ኣንጻር ጠቕማ ስለዝኾነ ነቲ ኣመራርጻ ዝኾነነ ተጋዳላይ ሰውራዊ ብዘይኮነ ኣገባብ ማእሰርትን መግረፍትን /torture/ ጀመረት:: በዚ ኣገባብ እዚ ኣብ ትሕቲ ቤት ማእሰርቲ ዝርከቡ ንጹሃት ተጋደልቲ ቁጽሮም ካብ 100-150 ኣቢሉ ይኸውን:- በትወሳኺ ኩነታት እሱራትን ምኽንያት ምንቅስቓስን ንዝሓተተ ተጋዳላይ ኣብ መምዓልቱ ተኣሲሩን ተገሪፉን ዝወጽእ ቑጽሩ ዉሑድ ኣይኮነን::

ኣብ ርእሲ' ዚ ነዚ ወገን' ዚ ናይ ስለላ:- ፀይቂ:- ሕሉፍ ጸጋማዊ /extreme leftist/ ምንቅስቓስ ደለይቲ ስልጣን ብዝብል ጭርሖታት /መንካዕ/ ዝብል ስም ብምሃብ ኣብ ተጋደልትን ህዝብን ፍንፉን ጌርካ ምቕራብ መዓልታዊ ተግባራቱ ክኸውን ከሎ ነታ ዝተመርጸት ሽማግለ /committee/ ድማ ካብ ሰሓ ጠጠው ኣቢሉ በታተና::

## መንካዕ መን እዮም?

እምበኣርከስ ከምዚ ኣብ ጽሑፍና ገሊጽናዮ /ዘርዚርናዮ/ ዘሎና ነቲ ውድታዊ /ውዲታት/ መሪሕነት ብግልጺ ኣብ መንጎ ተጋደልትን ህዝብን ዝሽሸሑ ንጹሃት ተጋደልቲ ኢዮም::

መሪሕነት ግን ነዞም ንጹሃት ተጋደልቲ እዚኣቶም ከም ደለይቲ ስልጣን:- መበላሸውቲ ሰልፊ /counter revolutionaries/ ብዝብል ናይ መጸለሚ ሽም ሂባ መብዛሕትኦም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ከተሳቐዮም ከላ ካብኣቶም ከኣ መንነትኩም ፍሉጥ ኣይኮነን ብምባል ናይ ምግዳል መሰሎም ገፊፉ ካብ ሰልፊ ኣባሪራቶም ኣብ ሱዳንን ካልኦት ወጻኢ ሀገራትን ተበቲኖም ይርከቡ ኣለዉ::

## መንካዕ ዕላማኣ እንታይ እዩ?

መሪሕነት ሕዝባዊ ሓይልታት ካብቲ ብዙሕ መዕነዊ ዝኾነ ነፍሒታት እዞም ኣብ ትሕቲ ቤት ማእሰርቲ ዘለዉ ጊዜን ኩነታትን ከይተመልከቱ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ገድልና ከየጽንዑ ሰልፊ ናይ <u>ዴሳዊ</u> መትከል /socialist principle/ ክእወጅ ኣለዎ ዝብሉ እዮም ኢላ ትዛረብ::

እዚ ግን እቲ መሪሕነት መዘንግዒ ዝኾነ <u>ቀይሕ ካባኣ</u> ንኸይቅላዕ እትገብሮ ዘላ መሸፈኒ እዩ:: መንካዕ ነቲ ኣብ ሰልፊ ዘሎ ድሑር ኣመራርሓ ንምዕራይን ነቲ ሰልፊ ናብ <u>"ሀገራዊ ደሞክራሲ"</u> ደረጃ ንምብጻሕ ድኣምበር ዕላማኣ እዚ ብኣድሓርሓሪ መሪሕነት ዝተባህለ ኣይኮነን:: ብሕጽር ዝበለ ኣዘራርባ ነቶም ብድሑር መስፍናዊ ስብከታት ስልጣኖም ንምድልዳል ንተጋደልቲ ዝመቓቕሉ ኣባላት መሪሕነት ኣመራርሓኦም ምቕያር ድኣ እምበር ኣንጻር እቲ ሰልፍን ዕላምኡን ኣይኮነን:: ዕላማኣ' ውን ካብቲ ናይቲ ሰልፊ <u>/ደሞክራስያዊ ሀገራዊ ግንባር/</u> ዝቃወም ኣይኮነን::

## መደምደምታ

ህዝቢ ኤርትራ ኣብዚ እዋን' ዚ ደረጃ ንቑሓት ላዕሊ በጺሑ ኣሎ' ኻ ክንብል እንተዘይከኣልና ብመጠኑ ናይ 15

/ዓሰርተው ሓሙሽታዊ/ ዓመት ገድላዊ ተመክሮኡ ነቲ ዘሎን ዝነበረን መሳልል ደረጃ ስልጣን ናይ ተበለጽትን መስፍናውያን መድሓርሓርትን መራሕቲ ሕ-ሓይልታት ንምኽሻሕ /ንምቕላዕ/ ብቑዕን ንጹርን ኣቕዋም /stand/ ክህልዎ ሓላፍነቱ እዩ::

ሕ-ሓይልታት ብቐይሕ ካባ ዝተሸፈነ ግስግስና ዘርእስቱ ፋሽሽታዊ ግብሪ ብዝማዕበለ ኣገባብ ይጥቀምን ይካይድን ኣሎ:: እዚ እቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ መሪሕነት ደኣምበር መስኪን ተጋዳላይስ ብምዓር ዝተሸፈነ ቃላት /ዕረ/ ተታሊሉ ነዚ መሪሕነት እዚ እንታይነቱ ምግላጽ ኣገዳሲ ኮይኑ ይርኣየና:: ብዝተረፈ እቲ ኣብኡ ዝርከብ ሓፋሽ ተጋዳላይ ደጋፍናን ተሓባባሪናን ከምዝኸውንን ከምዝኾነን ተስፋና ዉሱን ኣይኮነን::

ግዚኡ ዘሕለፈ ናይ ኣውራጃን:- ሀይማኖትን:- ዓሌትን ፍልልይ ከም መሳልል ደረጃ ስልጣን ንምጥቃም ናይ ገዛእ ርእሱ ጠቕምን ረብሓን ንምድላብ ወርቂ መንበር ኣብ ልዕሊ ኣስከሬን ንጹሃት ተጋደልቲ /ሀገራውያን/ ብምምስራት ንደም ንጹሃት ተጋደልቲ ከም ወይኒ ሰትዩ ክሰኽረሉ ይርከብ ኣሎ::

ብዝለዓለ ፖለቲካዊ ትንታኔን ብስለትን ኣርሒቕካ ምርኣይን ነቲ ዘሎ ጌጋታት /objective obstacles/ ተቓውምኦም ንዘርኣዩ በላሕትን ንቑሓትን ተጋደልቲ /ሀገራውያን/ ሕሉፍ ፀጋማይ ክንፊ /extreme leftists/ ሰለይቲ:- ወኪል ናይ ኣመሪካ ክፍሊ ስለላ /C.I.A./ ዝብል ናይ ምጽላም መዝሙር ብምዝማር ካብ ሓፋሽ ተጋደልቲ ድሕሪ ምፍላይ ኣብ ትሕቲ ሓለዋ መቑሕ ምእታውን ምስቓይን ተግባራት ናይዚ ዘሎ ግዚያዊ መሪሕነት ሕ-ሓይልታት ምኻኑ ንገልጽን ነፍልጥን:: ብዝተሓተ ደረጃ ንጊዜያዊ በለጽ መሳልል ናይ ስልጣን ንምድልዳል ስልትታት በለጽን ኣድሓርሓሪ ተግባራትን ብምጥቃም ደረጃ ንቕሓቶም ካብቲ ገስረጥ ናይ መንፈስ መድሓርሓርቲ /መስፍናውያን/ ዘይወጸ እዚ ኣተሓሳስባ እዚ’ ውን ዘይለቐቐሎም ንጹሃት ገዳይም ተጋደልቲ ዓሌታውያን ሀይማኖታውያን እንዳተባህለ ሞራሎም ምስባር’ ውን ዕለታዊ ተግባራት መሪሕነት ሕ-ሓይልታት ምኻኑ ታሪኻዊ ጉዕዞ ገድልና ይምስክሮን ይምልከቶን ኣሎ::

በትወሳኺ ደኣ ርእይቶኦምን ነቐፌቶኦምን ንዘቕረቡ ተጋደልቲ መንነትካ ፍሉጥ ኣይኮነን ንጥርጥረካ ኢና ጉዳይካ ክሳብ ነጽንዕ መሰል የብልካን እንዳተባህለ እቲ ንጹህ ተጋዳላይን ሀገራውን ኣብ ጋዛእ ርእሱ ጥርጣሬ ከምዝሕድር ድሕሪ ምግባር ብዘይገለ ምኽንያት ሰላይ ተባሂሉ ዝተቐንጸለ /ዝተቐትለ/ ተጋዳላይ’ ውን ዉሑድ ኣይኮነን::

ተቓውሞ ተጋደልትን ህዝብን ኣብ ልዕሊ ግፍዕታት ሀገራውያን መሰል /ተጠቀምቲ/ ድኣ እንታይ ነበረ? እዚ ሕጂ ብሓድሽ ሽፋን /cover/ ብመሪሕነት ህዝባዊ ሓይልታት ክፍፀም ዘሎ ተግባራት’ ዶ ኣይኮነን?

ስለዚ ህዝብን ተጋደልትን ነዚ ክዕረ ተስፋ ዝሓደገሉ ዳግማዊ ጸይቅታት እዚ /ጭቆና/ ብመሪሕነት ሕ-ሓይልታት ዝፍጸም ዘሎ ስጉምትታት ኣብ ልዕሊ ንጹህ ሀገራዊ ተኽታቲሉን ኣጽኒዑን ተቓውምኡ ምርኣይ ናይ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ሓላፍነትን ግቡእን ምኻኑ ብምርዳእ ጽሑፍና ንሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ነበርክት::

ከመይን ብየናይ ኣገባብን ከም ዝቃወምን ዘዔርዮን ከኣ ናይ ነፍሲ ወከፍ ሀገራዊ ዓባይ ሰኽም ስለ ዝኾነ ክሓስበሉ ይግባእ::

ስምዕታና ንህዝብን ንተጋደልትን ዘቕርብ መታን ነዚ ዓብይ መጋረጃ ገስገስቲ ለቢሱ ኣረመናዊ ተግባራት ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ተጋደልቲ ዝፍጸም ዘሎ መሪሕነት ሕ-ሓይልታት ንምግላጽን መንነቱ ንምፍላጥን ድኣምበር ብኻልእ ዝተንቀሳቐሰ ሓዲሽ ምንቅስቓስ ኣይኮነን:: ብዙሓት ሰባት ንምንቅስቓስና ኣብዚ ጊዜ’ ዚ ከም ምፍጣር ናይ ሓድሽ ሳልሳይ ገድሊ ገይሮም ይትርግሙዎ ግን ንምንቅስቓስና ዘጸልሙ ገለ ሰባት ቀበርቲ ሓቂ ምኻኖም ብጽሑፍናን ኣፍ ንኣፍ መጺኡ ዝተረዳኣና ህዝቢ’ ውን መንነትና ክፈልጥ ይኽእል እዩ::

END